# Orientation to Ontario

## ሓደሽቲ ዝመጽኡ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ኦንታርዮ

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

### ማሕበረሰብ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳ ኣብ ኦንታርዮ

The French Language Services Act (ሕጊ ኣዋጅ ኣገልግሎታት ቋንቋ ፈረንሳ)፡ ካብ Government of Ontario ministries (ካብ ሚኒስትሪታት ምምሕዳር ኦንታርዮን) ካብ'ተን ኣብ 25 ዝተመርጸ ቦታታት ዝርከባ ኤጀንሲታትን፡ብ ብቋንቋ ፈረንሳይ ኣገልግሎታት ናይ ምርካብ ናይ ውልቀ-ሰብ መሰል ዘውሕስ እዩ።

ብዛዕባ'ተን 25 ዝተመርጸ ቦታታት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ ofa.gov.on.ca/fr ብጽሑ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ናብ ServiceOntario Infoline (ናብ ኣገልግሎት ኦንታርዮ ኦንፎላይን) ብቑጽሪ ቴለፎን 1 866 532 3161 (ናጻ ክፍሊት) ወይ ኣብ ኦንታርዮ ናብ (416) 314 5518 ደውሉ።

ኣብ ኦንታርዮ፡ ብቋንቋ ፈረንሳይ ጌርካ፡ ዝተፈላለየ ኣገልግሎታት ክትረኽበሉ ዘኽእለካ ማሕበረሰባት ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ብኽረትካ ኣብ etablissement.org ብጻሕ።

ናብ ኦንታርዮ ክግዕዙ ዝሓስቡ ኣዕሩኽ ወይ ስድራቤት ምስ ዝህልዉኻ፡ ኣብ'ዚ መርበብ ሓበሬታ immigrationfrancophone-ontario.ca ክበጽሑ ክትዕድሞም ትኽእል ኢኻ።




ኣብ'ዚ፡ ብዛዕባ ማሕበረሰባት ተዛረብቲ ቁንቋ ፈረንሳን ተዳልዩሎም ብዛዕባ ዘሎ ኣገልግሎታትን ማለት ናይ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ትምህርቲ፡ ንግዲ፡ ስራሕን ክንክን ጥዕናን ሓበሬታ ክረኽቡ ይኽእሉ።

እዚ ኣዋጅ እዚ፡ ኣብ ዞባዊ ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ ኣገልግሎታት ብቋንቋ ፈረንሳይ ግድን ክህሉ ዘውሕስ እዩ።

### ህልዋት ምንጭታት ሓበሬታ

ሓበሬታ ብዛዕባ ምጥያስ
ኣብ ኦንታሪቶ ምስ ሰፈርካ፡ ክትድህስሶም ዘለካ ብዙሓት ጠቐምቲ ምንጭታት ሓበሬታ ኣለዉኻ።

ኣብ ከባቢኻ ዝርከባ ናይ ምጥያስ ኤጀንሲ ንኽትረክብ፡ ኣብ etablissement.org ብጻሕ።

ምምሕዳር ኦንታርዮ፡ ነቶም ኣብ ኦንታርዮ ዝነብሩ ሓደስቲ መጻእቲ ተዛረብቲ ቋንቋ ፈረንሳይ፡ ጠቓሚ ሓበሬታ ኣለዎ። ብዛዕባ Franco-Ontarian community (ማሕበረሰብ ተዛረብቲ ቁንቋ ፈረንሳ-ኦንታርዮ) ከምኡ'ውን ብዛዕባ ብፈረንሳይ ኣብ ኦንታርዮ ምንባር ዝምልከት፡ ኣብ stage.ontarioimmigration.ca ብጻሕ።

ኣብ ኦንታርዮ ክትሰፍር ወይ ክትቅመጥ፡ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቦታታት ማለት ከም ኣባይቲ፡ ስራሕ፡ ክንክን ጥዕና፡ ሕጋዊ ኣገልግሎታት፡ ትምህርቲ፡ ባህሊ፡ ቅዲ ወይ ኣገባብ መነባብሮን ብዙሓት ካልኦትን ዝምልከት ሓበሬታ ከድልየካ እዩ። ንዝያዳ ኣብ etablissement.org ብጻሕ።

ከድልዩኽእ ዝኽእሉ ኣገልግሎታት ማሕበረስብ ንኽትረክብ ወይ ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ን7 መዓልታት ሓበሬታ ክትረክብኣብ 211ontario.ca/fr ብጻሕ ወይ ናብ 2-1-1 ደውል።

ናይ ምስማዕ ጸገም እንተለካ፡ ናብ 1-888-340-1001 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ናብ 211ምስ ደወልካ፡ ምስ ማሽን ዘይኮነስ ምስ ሰብ ኢኻ ክትዛረብ፣ ኣገልግሎታት ድማ ናጻን ስቱርን እዩ። እቲ ኣገልግሎታት ብልዕሊ 100 ቋንቋታት እዩ ዝወሃብ።

### ስራሕ

ኦንታርዮ፡ ብዝሒ ዘለዎ ዝተፈላለየ ዓነታት ስራሕን ኢንዱስትሪን ዝሓዘ ሓያልን ዝተዘርግሐን ቍጠባ ዘለዋ እያ። ብዛዕባ ንስራሕ ምድላይ ዝምልከት ዕድላት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ ብቑጽሪ ቴለፎን 1 800 387 5656 ናብ Emploi Ontario (ኦንታርዮ ኢምፕሎይ) ደውል ወይ ኣብ ontario.ca/fr/communities/employment ብጻሕ

### ትምህርቲ

ኣብ ኦንታርዮ፡ ህዝቢ ዝምውለንኣርባዕተ ስርዓታት ቤት ትምህርቲ ኣለዋ፡- ንሳተን ከኣ፡ብብፈረንሳ-ናይ ህዝባዊን ናይ ካቶሊክን ስርዓታት፡ ብእንግሊዝ- ናይ ህዝባዊን ናይ ካቶሊክን ስርዓታት እየን። ብዘይካ'ዚ፡ 12 ሽማግለታት ቤት ትምህርቲ ፈረንሳ ኣለዋ። እዚኣተን፡ ን 425 - ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ፈረንሳ ይውክላ። ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ontario.ca ብጻሕ

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

## ጥዕናን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን

ኣብ ዓውዲ ጥዕናን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን፡ ብቛንቋ French (ፈረንሳ) ኣገልግሎታት ክወሃበካ ትደሊ እንተሃሊኻ፡ ኣብ cliquezsante.ca/fr ብጻሕ

## ደቀንስትዮ


ተዛራቢት ቋንቋ ፈረንሳ ኮይንኪ ዓመጽ እንተደኣ ኣጋጢሙክን ሓገዝ እንተደኣ ደሊኽን፡ ብኽብረትኪ ብቑጽሪ ቴለፎን 1-877-336-2433 ናብ Fem'aide (ፈማይደ) ደውሊ ወይ ብቀኁጽሪ ቴለፎና 1-866-860-7082 ናብ ናይ ምስማዕ ጸገም ደውሊ።

እዚ ንተዛረብቲ ቁንቋ ፈረንሳ ሓገዝ ዝህብ መስመር፡ ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ን7 መዓልታት ክፉት እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣገልግሎት ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ኣብ femaide.ca ብጻሕ

ኣብ መርበብ ሓበሬታ nouveauxjeunes.ca ብምብጻሕ፡ ንሓደስቲ መጻእቲ መንእሰያት ኣመልኪትካ፡ ኣብ ናይ ቀጥታ ማሕበረሰብ ክትሳተፍ ትኽእል

ኣብ'ዚ፡ ንጉዕዞ ምጥያሶምን ንሓባራዊ ጉጅለታት ዘተን ዝምልከቱ ብመንእሰያት ዝተሰርሑ ቪድዮታት ክትርዕዘቡ ትኽእሉ፣ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ቤት ትምህርቲ፡ ስራሕ፡ ኣባይትን ብዙሓት ዘገድሱ ካልኦት ቦታታትን ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ዝከኣል እዩ።

ዕድሜኻ፡ 20 ዓመትን ትሕቲኡን እንተደኣ ኴንካ እሞ፡ ብዛዕባ ክህልወካ ዝኽእል ጸገማት ወይ ብዛዕባ ገጢምካዮም ዘለኻ ጉዳያት ምስ ገለ ሰባት ክትዛረብ እንተደሊኻ፡ ናብ ቊጽሪ ቴለፎን 1 800 668 6868 ክትድውል ትኽእል ኢኻ። እዚ፡ ኣብ መዓልቲ ን24 ሰዓታት፡ ኣብ ሰሙን ድማ ን7 መዓልታት ክፍቱ እዩ። እዚ ኣገልግሎታት እዚ፡ ሰም ዘይጥቀሶ፡ ናጻ፡ ምስጢራውን ሞያውን እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ኣብ jeunessejecoute.ca ብጻሕ።



orientation to ontario l'ontario c'est chez moi